# መደባት ድራር መኽተ

## ኣዋርሕ... መስከረምን ጥቅምትን

ኣብዘ’ን ክልተ ኣዋርሕ፡ ክልተ ዓበይቲ መደባት ድራር መኽተ ተሰላሲሉ። እዚ መደባት’ዚ ብዘልማድ ድራር መኽተ ተባሂሉ፡ ብላዕለ-ላዕሉ ጥራይ ክጥቀስ ወይ ክጽሓፍ እንከሎ፡ ምናልባት ነቲ ሓቐኛ ዕምቖትን ትሕዝቶን ወይ ነቲ ህያው ተልእኾን ትርጉምን ከየፍኩሶ ዘሰክፍ ከይውን ኣስፊሕካ ክጥመት ዘለዎ ኣገዳሲ ምትእኽኻብ ናይ ሰብ ዕላማ እዩ።

ብፍላይ ነዘን ዝሓለፋ ክልተ ድራራት ኣዕሙቕ ኣቢልካ ነቲ ኣብኡ ዝነበረ ህዝብን፡ ነቲ መደብ ዘዳለዉ ዜጋታትና፡ ትሕዝቶ እቲ መደብን፡ እቲ ዝነበረ ኣጋጣሚታትን ደማሚርካ፡ ብዓይንኻ ዘይኮነስ ብኣእምሮኻ ኣወሽጥ ኣቢልካ ዳህሳስ ከተካይድ እንከለኻ፡ እቲ ትኽክል ትርጉሙ ልዕሊ እቲ እትርእዮ እዩ ዝኸይድ።



## ጋንታ ኣዳል

ከመይሲ፡ ኣብ ወርሒ መስከረም እተኻየደ ድራር ምልስ ኢልና ምስ እንግምግሞ፡ እታ ወርሒ ንባዕላ፡ ኣብ ማህደር ዓውደ-ታሪኽ ቃልሲና ካብ’ተን ኣብ ዝልዓለ ስፍራ ዝሕዛ ኣዋርሕ ሓንቲ እያ። ምፍላም ብረታዊ ተጋድሎና ዘበሰረት፡ መበል 50 ዓመት ወርቃዊ እዮበልዩ እነብዕለሉ ወርሒ ብምንባራ፡ ከምኡ እውን ብጋጣሚ ነቲ ድራር ዝወደቡ ሰባት፡ እቶም ምእንቲ ሓፋሽ ህዝቦም፡ ንእስነቶም ከይጸገቡ፡ ተጋዲሎም ነጻነት ዘምጽኡ ሓርበኛታት ተጋደልቲ ብምኳኑ፡ በታ ታሪኻዊት ስፍራ “ኣዳል” ዝብል ስም መጸውዒ ለቢሶም፡ ምእንቲ ኽብሪ እቶም ፈለምቲ ተጋደልቲ፡ ብመሪሕነት ጅግና ሓርበኛ እድሪስ ዓዋተን ብጾቱን ዘጠቓለለ ኣጋጣሚታት ብምንባሩ፡ ርዝነትን ትርጉምን እቲ ምትእኽኻብ ዝያዳ ከም ዝዓሙቕ ኮይኑ።

እዚ ጥራይ ኣይነበረን፡ 24 መስከረም ምሸት፡ ምስ እቲ ዓቢ ሓርበኛ ክቡር ፕረሲደንት ኢሳያስ ኣፍወርቂ ክንራኸብ፡ ኣብ ድሮ ንቕሎ ናብ ከተማ ኒው-ዮርክ ስለ ዝነበረ፤ ህዝቢ ካብ ዝተፈላለየ ከተማታት ሰሜን ኣመሪካ ተኣኻኺቡ፡ ካብ ከተማ ዋሽንግቶን ዲሲ ብሓባር ብኣውቶቡሳት ንኽጓዓዝ ናይ እቶ-እቶ ምሸት ብምንባሩ፡ እቶም ኣቐዲሞም ዝኣተዉ ኣጋይሽ፡ ኣብ'ቲ ድራር መኽተ ብምታስፍ፡ ነቲ ምሸት ፍሉይ ሃዋህውን ጣዕምን ፈጢርሉ።
ንነዊሕ እዋን ተፈላልዮም ዝነበሩ ዜጋታት ብምርኻቦም ናይ ሰላምታን ናፍቖትን መለዋወጢ ምሸት እውን ኔራ እያ።



ጋንታ ኣዳል ዝያዳ ፍሉይ ዘግብራ ግን፡ እቲ ኣቃውማኣን ዓይነት እቶም ሰባት፡ ኣብ ታሪኽ ዝስርሐ፡ ዓውደ-ፍልጠት ዘፈልፈለ ሜዳ ዝተመልመሉ፡ ብግብሪ ዝተመከሩን ዝተሃንጹን፡ ብሰብ ጸጋ ዝቖመት ብምዃና ሓለፋ ኔርዋ፤ ኮይኑ ኸኣ ንተሳተፍቲ ናይ'ቲ ድራር፡ ብዝብላዕን ዝስተን ጥራይ ኣይኮኑን ኣዐንጊሎሞ። እኳ ድኣ እቲ ዝበለጸ ዕንግሎት፡ እቲ ኣብ ግዜ ገድላዊ ሂወቶም ዘጋጥም ዝነበረ ዝተፈላለየ ታሪኻዊ ፍጻሜታት፡ ጠቓሚ መብርህን ሓበሬታዊ ጽሑፋትን፡ ዋዛ ምስ ቁም-ነገር ሓዘል መዘናግዒ ተወሳኺ ልግሲ ብምንባሩ ነቲ ምሸት ዝነኣድ እዩ ጌርዎ። ህዝቢ'ውን ንዕግበቱ ብድሙቕ ጣቒዒት ግብረ መልሲ ሂብሉ። ካብኡ ንድሓር እቲ ፍጻሜ ካብ'ቲ ኣዳራሽ ናብ ኣዉቶቡሳት ጉዕዞ እዩ ተዛዚሙ።

## ጥቅምቲ

እታ ሲዒባ ዝተቐልቀለት ወርሒ ጥቅምቲ ድራር ዘዳለዋ፡ ጋንታ ኣዴታት "ሓራካ" ክኾና እንከለዋ፤ ተቐማጦ ከተማ ባልቲሞር እየን፡፡ እዘን ኣዴታት እዚኣተን ንነዊሕ እዋን ክዳለዋን ተርትኣን ክጽበያ ዝጸንሓ ኣብ ርእሲ ምዃነን፤ ካብ ርሑቕ ንሰዓታት ተጓዒዝን  ድራር መኽተ ከዳልዋ ናብ ዋሽንግቶን ምምጽኣን ድማ፡ እቲ ኣብ ህዝበንን ሃገረንን ዘለወን ዕዙዝ ፍቕርን ክብርን፡ ዘለወን ቅሩብነትን ተወፋይነትን ዘንጸባርቕ መርኣያ እዩ።

ሓንቲ ካብተን ነቲ መደብ ዘዳለዋ፡ ብዛዕባ ነቲ ታሪኻዊ መጸዊዒ ስመን፡"ሓራካ" ንኣማጻጽኣኡ ዝምልከት ብዝገበረቶ ምርምር ክትገልጽ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ምስ ቀረበት፡ "ኣነ እኳ! ከም'ዚ ኢለ ብዛዕባ ሓደ ኣገዳሲ ቁም-ነገር ክገልጽ

ኣብ ሂይወተይ ንመጀመርታ ተመክሮይ እዩ። ተዛሪበ ኣይፈልጥን እየ፡ ሕጂ ግን ነዚ ክገብሮ ዝደፍኣኒ ሓደ ነገር እንተድኣ ሃልዩ፡ “ፍቕሪ ሃገረይ እዩ” ምስ በለት ነቲ ዘዳለወቶ ትሕዝቶ፡ ማለት ነቲ ታሪኻዊ ኣጀማምራ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ወይ ብሓራካ ዝፍለጥ፡ ኣብ ሕዳር 1958 ዝጀመረ ፖለተካዊ ምንቅስቓስ ኤርትራውያን፡ ኣብ ከተማታትን ገጠራትን ክሳብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ኣብ ሓጺር እዋን ተቐባልነት ረኺቡ፡ ከም ሮማዲ ብቕልጡፍ ዘስፋሕፍሐ ሃገራዊ ምልዕዓል፡ ወይ ብማሕበር ሸውዓተ ዝፍለጥ ዝነበረ ዉሕሉል ምስጢራዊ  ምንቅስቓስ፡ ኣወዳድብኡን ዕላምኡን ክሳብ 1965 ጉዕዝኡ ዘጋጠሞ ዕንቅፋታትን፡ ሰውራ ኤርትራ ካብ'ዚ ምንቅስቓስ እዚ ዝቐሰሞ ትምህርትን ተመክሮን፡ ንተሳተፍቲ እቲ ድራር ብስም ኩልን ኣዳለውቲ ኮይና መግለጺ ኣቕሪባ። ኣዝዩ መሃሪን መሳጥን ከኣ ኔሩ። ክገብር እየ ኢሉ ዝብገስ ኤርትራዊ ድማ እቲ ዘንቀሎ ንኽግብር ዝእግሞ ነገር ከምዘየልቦ ዘመስከረ፡ ዓቢ መርኣያ እዩ ኔሩ።





## ጋንታ ሓራካ

ስለዚ ካብ'ዚ ብምብጋስ እዩ ኸኣ ነቲ ምሸታት፡ ናይ ብልዕን ሳዕስዒትን መተኣኻኸቢ ጥራይ ዘይኮነ ወይ ላዕለ-ላዕሉ ጥራይ ጠሚትካ ኣብ ውሽጡ ኣቲኻ ትሕዝትኡ ምስ እትቘመት ጥራይ እዩ ዝያዳ ዕግበት ሓቐኛ ትርጉምን ትሕዝትኡን እተስተማቕሮ።
መደባት ድራር መኸተ፡ ኣዛናጋዒ መሃሪ፡ ብዛዕባ ቀጻሊ ምዕባሌታት መኸተ ዘሎ እሂን ምሂን እንበሃለሉ፡ ኣብ ነንሕድሕድና ከም ሰባት ዝምድናታትናን ምቅርራብን ዝድንፍዓሉ፡ ጽቡቕ ናይ መራኸቢ ባይታ እዩ፡፡ ዝያዳ ንክማሙቕ፡ ኣበርክቶናን ተሳታፍነትናን ክዓቢ እግባእ።

ኣብ መወዳእታ፡ እቶም ነዚ ቅዱስ ዕላማ ክውን ንምግባር ብቐጻሊ ኣበርክቶ እትገብሩ ዘለኹም ኣሕዋትን ኣሓትን ንበርትዕ እናበልና፡ ኣብ ቐጻሊ መደባትና ብሰላም የራኽበና፡ ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ ድምጺ ኤርትራ ተኸታተሉ።
ክሳብ እቲ ፍትሓዊ ጠለባትና፡ ጉዳይ ማዕቀብ ክሳብ ዝስረዝ፡ ጉዳይ ዶብ ኣብ ማዓልብኡ ዝበጽሕ ድማ፡ ንቕድሚት!!

ዓወት ንሓፋሽ!
መኸተና ክዕወት'ዩ!
ሓይሊ ዕማም ህዝባዊ መኸተ፡ ዲስን ከባቢኣን፡